**ናይ ምሕጽንታ መልእኽቲ!**

**ናብ ክቡር ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ**
**ቀዳማይ ሚኒስተር ፌደራላዊት መንግስቲ ኢትዮጵያ**

**ኣቐዲመ ብስም'ቲ ኩሉ ዝከኣሎ ሉዑል ኣምላኽ፡ንኣኻን ንስድራ ቤትካን ፡ ንመሳርሕትኻን፡ብጠቕላላ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ልዑል ሰላምታይ ይብጻሕኩም።**
**ክቡር ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ካብታ ኣብ ስልጣን ዝመጻእካላ ዕለት ኣትሒዞ ንጉዕዞኻ ብደቂቕ ክከታተሎ ምጽንሐይ ብቐዳምነት ክሕብረካ ይፈቱ።ብምቕጻል በቲ ቅዱስ ቃላትካ፡ ንመላእ ኢትዮጵያ ሰላምን ምርግጋእን ንምምጻእ ከይተሓለልካ ምስቲ ንስኻ ትመርሖ ዘለኻ  መንግስትን፡ሰልፊ ኢሂወደግን፡ሃገራዊ ባይቶን ንእተካይዶ ዘለኻ ጻዕሪ ልባዊ ናእዳይ ወሰን የብሉን።***
**ክቡር ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ ቀዳማይ ጠቕላላ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ብ1994 ዓ.ም.  26 ካድራት ተጋደሎ ሓርነት ኤርትራ.ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ተኣስሩ፡ንኽፍትሑ ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር ዝነበሩ ነፍሲ-ሄር ኣቶ መለስ ዜናዊ ናይ ጥርዓን ዳብዳቤ ካብ ዘቕረቡ ኣባላት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ሓደ ምንባረይ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ብትሕትና ክሕብረካ ደስ ይብለኒ።ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር ነፍሲ-ሄር መለስ ዜናዊ ድማ ንዳብዳቤና ብኣኽብሮት ተቐቢሉ ነቶም እሱራት ከምዝፍትሑ ገበረ።ስለዚ ስለ'ቲ ሰብኣውን ሰናይን ታሪኻውን ቅዱስ ተግባራቱ፡ከምቲ ኣቦታት ዝምስልዎ፡ንበዓል “ጸቡቕ ግብሪ ግበረሉ ወይ ንገረሉ” ከምዝበልዎ ስለዝኾነ ሎሚ እውን ኣነ ነቲ ሰናይ ሰብኣዊ ተግባራቱ ምስ ናይ ምስጋና ንታሪኽ ክዝክሮ ደስ ይብለኒ።እወ! ልመና ውጹዓትን ድኻታትን ዝሰምዕ ሰብ፡ጻማን ጽድቅን ካብ ኣምላኽ ከምዘለዎ ኣጸቢቕካ ከም ትፈልጥ ድማ ካብ ቃላትካ ተገንዚበ ኣሎኹ እሞ ይመልኣልካ፡ ኣምላኽ ድማ ይባርኽካን ይሓሉኻን ኢየ ዝብለካ።**
**ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነቱን ንሰብኣዊ ሓርነቱን ን30 ዓመት ዝኣክል መሪርን ከቢድ መስዋእትን ከፊሉ ሃገራዊ ነጻነቱ ኣረጋጊጹ ኢዩ።እንተኾነ ግን  ካብ 1998-2000 ዓ.ም. ብዘይምኽኑይን ዘይርትዓውን ዶባዊ ግጭት ተኻይዱ፡ ብኣሽሓት ዝኣኽሉ ደቂ ክልተ ህዝቢ ጠፊኦም ኢዮም።ካብዚ ዝነቐለ ድማ ነቲ  ብ13/04/2002 ዝሓለፈ ናይ መጨረሽታን ቀያድን ብይን ኮሚሽን ዶብ፡ኢትዮጵያ ብወገና ብዘይቅድመ ኵነት ተቐቢላ ንኽተትግብሮ**

ድልውቲ ምህላዋ ብ05/05/2018 ምስ ኣፍለጥኩም ተማሳሳሊ ኣወንታዊ መልሲ ካብ ስርዓት ኣስመራ ንምስማዕ ኣብ ትጽቢት ምንባርኩም ይዝከረኒ።ድሕሪ ናይ ሰለስተ ሳምንታት ምጽናሕ ድማ ኣይተ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብቲ በዓል ስዉኣት ዕለት 20/06/2018 ዝተኻየደሉ፣ ብሃንደበት ልኡኻት ንኣዲስ ኣበባ ክሰድድ ምኻኑ መደረ ኣስመዐ፣ ብድሕሪኡ እውን ንስኻ ክቡር ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፣ህዝቢ ኤርትራ መን ጋሻ ትመጸ ምህላውካ ከይተሓበረ፣ ብሃንደበት ኣስመራ ደበኽ ኢልካ ምስ መጻእካዮ ከምቲ ለዋህ ኣመሉ መርሓባ ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኢሉ ብሓጎስን ብእልልታን ተቐቢሉካ።እንተኾነ ግን ክቡር ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ ካብቲ ንስኻ ዝረኤኻዮ ህዝቢ፣ብምእቲ ግዜ ቑጽሩ ዝዓብን/ዝበዝሕን ህዝብና ኣብ 362 ቤት ማእሰርቲታት ንዓመታት ተቐፊዱ ምህላዉ ኣይትስሕቶን ትኸውን።ኣይተ ኢሰያስ መንግስታዊ ትካልን፣ቅዋምን፣ነጻ ቤት ፍርድን፣ባይቶን የብሉን፣ነታ ሃገር ከም ፊን ዝበሎ ዝገዝእ ዘሎ ውልቀ መላኺ ኢዩ።ኣይተ ኢሰያስ ብህዝቢ ስለዘይተመርጸ ንህዝብን ሃገርን ኣይውክልን ኢዩ!!!፣ስለዚ ምስ ኢሰያስ ዝግበር ዝኾነ ይኹን ውዕላትን ካልእን ሕጋውነት ዘይብሉ ምኻኑ ክሕብረካ ይፍቱ። ህዝብና ኣብ ጸልማት ጎዳጉዲ ተኣሲሩን ተቐፊዱን ኣሎ፣እቲ ኣብ ልዕሊ መሬት ዘሎ ድማ ኣፉ ተለጒሙ ኣሎ፣መንእሰያትና ድማ ካብ ሃገሮም ተባሪሮም ውሻጣዊ ኣካላቶም ከምዝውስድ ዝገበረ ገበነኛ ባእታ ኢዩ። ኣብታ ሃገር ክኣ ከምድላዩ ዝዕንድር ዘሎ ውልቀ መላኺ ምኻኑ ድማ ትፈልጥ ኢኻ።እዚ ሕጂ ኢሰያስ ምሳኹም ብሽፋን ሰላም ዘካይዶ ዘሎ ስምምዓት ንህዝቢ ኤርትራ ዘይተሓበረን ዘይተነጸረን ስለዝኾነ ብምንም ተኣምር ቅቡል ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።እዚ ኸኣ ጥልመትን ዝምታን ንህዝቢ ኤርትራ መሬታን ምኻኑ ከዘኻኽረካ ይፈቱ።እወ! ሓቀኛ ሰላም ምግባርን ተኣሳሲርካ ንረብሓታት ህዝቢታት ምስራሕን ድማ ጽቡቕን ዝድገፍን ኢዩ፣<u>እንተ ንልኡላውነት ሃገር ምጥሓስ ግን ብምድሪ ይኹን ብሰማይ ገበንን ሃየንታን ኢዩ።</u>

ኣይተ ኢሰያስ ንህዝቢ ከይሓበረ፣ብ13/07/2018 ኣብ ሳዋ ብሃንደበት ንዝምረቑ ሰራዊት ንኣዲስ ኣበባ ክኸይድ ምኻኑ ሓበረ፣ብ14/07/2018 ዓ.ም. ድማ ምስ ጉጅለኡ ማለት ኣብ ሰሙኑ ድሕሪ ንስኻ ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ ካብ ኤርትራ ምምላስካ፣ኢሰያስ ክኣ ዘብዘብ ክብል ኣርኪቡካ፣ ብጣዕሚ እውን ገሪሙና።ኣብ ኣዲስ ኣበባ ክኣ ቅድሚ ዶብ ምሕንጻጹን

ንህዝቢ ምሕባርን ብድፉኑ ዓሰብ ምስ ኢሰያስ ክትካፈሉ ምኻንኩም ነቲ ኣብቲ ጽንብልኩም ዕዱም ዝነበረ ህዝቢ ሓቢርኩም።ይቕረታ ግበረለይ ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ ዋናታት መሬት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቤት ማእሰርታት ተዓሺጎም ከለው፣ምስ ብህዝቢ ዘይተወከለ ውልቀ መላኺ ንረብሓ ኢትዮጵያ ኢልካ ስምምዓት ምግባርካ፣ጽባሕ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን፣ህዝብን ዘሕትትካ ምኻኑ ሎሚ ኣቐዲመ ክሕብረካ ይፈቱ።እወ! ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዙሕ ዘራኽበና ታሪኽ ኣሎና፣ብቕንዕና መስርሕ ሰላም ምግባር ጽባሕ ኣየሕፍርን ኢዩ፣ንህዝብታት ድማ ዘልኣለማዊ ቅሳነትን ሰላምን ርግኣትን ዘመጽእ ኢዩ።ስለዚ ከምቲ ናይ 1950 ዓ.ም. ዝተገብረ ዓመጽ ከይድገም ኤማጽነካ።ኢሰያስ ዝውክሎ ህዝቢ ከምዘየለ ከኣ ደጊመን ኣጥቢቐን ይሕበርካን፣ብስም እቲ ኩሉ ዝከኣሎ ኣምላኽ ድማ ዓገብ ይብለካን ኣሎኹ።ኣምላኽ ንሃገረ ኤርትራን ኢትዮጵያን ድማ ይባርኽ።የቐንየለይ!!!

ምስ ናይ ኣኽብሮት ሰላምታ
ዶ/ር ኣብርሃም ጳውሎስ
ጀርመን/ካስል ዕለት 21/07/2018
E-mail: elfabarham@gmx.de